

# ጊዴዎን እቲ ጎጎ ሰገም

ኣብ ዝሓለፈ "ብስራት" ሕታም ቊ 38፡ ጊዴዎን፡ ንህዝቡ ንኽድሕን፡ እቲ ዝተነግሮ ቃል ካብ እግዚኣብሄር ምዃኑ ንኸረጋግጽ ክልተ ምልክት ከም ዝሓተተ ርኢና ኔርና። እተን ምልክታት፡-

1. ብቐዳመይቲ ለይቲ ኵላ ምድሪ ንቕጽቲ፡ እቲ ጸምሪ ጥራይ ዛዕዛዓ ክኸውን፡
2. ብኻልኣይቲ ለይቲ ድማ እቲ ጸምሪ ንቑጽ ኵላ ምድሪ ኸኣ ዛዕዛዓ ትኹን ዝብላ ነበራ።

እግዚኣብሄር ድማ ንጊዴዎን ከምቲ ዝሐተቶ መልሲ ሃቦ። ድሕርዚ ጊዴዎን ነታ ኻልኣይቲ ምልክቱ ረኺቡ ፍቓድን ዕላማን ናይ እግዚኣብሄር ኣርጊጹ ምስ ፈለጠ፡ ብፍጹም ኣየዕጠጠየን፡ ኣየድሓርሓረን። ነቲ ዝተዋህቦ ዕዮ ንምትግባር ምስ ብጾቱ ኣንጊሁ ተንስአ።

ኣብቲ ኣገልግሎት ናይ እግዚኣብሄር ቅድሚ ምእታው ጊዜ ምውሳድ ሰናይ እዩ። ምኽንያቱ ፍቓድ ኣምላኽ ኣነጺርካ ኽትፈልጥ ትኽእል። ከመይ ከም ትጅምሮ፣ ብኸመይ ከም እተተግብሮ፡ መኣስን እንታይን ከም እትገብር ይበርሃልካ እሞ፡ ርዱእ ትኸውን። ኰይኑ ግና፡ መብዛሕትኡ ጊዜ ፍቓድ ኣምላኽ እንታይ ምዃኑ ንምፍላጥ ጊዜ ስለ ዘይንወስድ ኣብ ፍርቂ ምስ በጻሕና ክንጠራጠር፣ ክንጥዓስ፣ ከምኡ'ውን ክንሕለል ንርእ። ኣገልግ ሎተይ እዩ ኢልና ነቲ ዕዮ እግዚኣብሄር ምስ ጀመርና እቲ ኣብ መንጎ ነጥፍኦ ጊዜ ቀሊል ኣይኰነን። ንኣና ጥራይ ዘይኰነ'ውን ንሓያሎ ሰባት፡ ህድእ ኢሎም ትልሚ ናይ ኣገልግሎቶም ቅድሚ ምሕን ጻጸም፡ ብታህዋኽ ናብ ኣገልግሎት ከም ዝዋፈሩን ዝጎዩን ንገብሮም።

ጊዴዎን፡ ነቲ ካብ እግዚኣብሄር ዝተቐበሎ ራእይ ሒዙ ምስ ተበገሰ ብኡብኡ 32 ሽሕ ሰብኡት ንውግእ ተሰለፉ። ብሓቂ እግዚኣብሄር ነቲ ራእይን ጾርን ኣብ ልቡ ምስ ገበረሉ ነቶም ህዝቢ'ውን ንክቕበልዎን ንኽስዕብዎን ልቦም ስለ ዘዳለዎ፡ *'መን ኢኻ ድማ ንስኻ? መራሒ ክትከውን'ከ መን ጸዊዑካ?'* ኢሉ ዝሓትቶን ዘዋጥሮን ኣይንርእን። እግዚኣብሄር ኵሉ እዋን፡ ኣብቲ መራሒ ገይሩ ዘተንስኦ ሰብን ኣብቶም ክምርሑ ዘለዎም ሰባትን ምውህሃድን ሓድነትን ከም ዝገበረ ንርኢ። ኣብቲ ብመንፈስ ኣምላኽ ዝስራሕ ዕዮ፡ መንፈስ ሓድነት ኪህሉ ናይ ግድን እዩ።

ጊዴዎን 32 ሽሕ ሰብኡት ተኣኪቦም ኣለዉ ስለዚ ብርግጽ ክንዕወት ኢና እናበለ ኪሕጐስ ከሎ፡ እግዚኣብሄር ግና፡ "እዚ ህዝቢ ግና በዚሑ ኣሎ፡ ኢደይ ኣድሒኑኒ ኢሉ ከይዕበየለይ ፈራህን ተሸባርን ዘበለ ይመለስ ኢልካ ኣውጅ፡" ኢሉ ንጊዴዎን ተዛረቦ።



ጊዴዎን ነዚ ነገር እዚ ኣብ እዝኖም ምስ ነገሮም ዓሰርተ ሽሕ ጥራይ ተረፉ። እግዚኣብሄር፡ ንሱ ምስኦም ከም ዝኾነን ንጊዴዎን ድማ ከም ዝተዛረቦን ዚኣምኑ እምበር ዘይፈርሁ ሰባት ጥራይ ናብቲ ውግእ ክወጹ ደለየ።

ካብ ዛንታ ናይ ጊዴዎን፡ ውጽእ ኢልና፡ ኣብ 1ይ ሳሙ 17 እንተ ርኤና ኵሎም እስራኤላውያን ንኣርብዓ መዓልቲ ጐልያድ ከም ዘፈራርሆም ነንብብ። እቲ ታሪኽ ኵልና ከም እንፈልጦ ኸኣ፡ ዳዊት ብስም እግዚኣብሄር ብትብዓት ገጢሙ ቀተሎ። እቲ ውግእ ከምቲ ዳዊት ዝበሎ ውግእ ናይ እግዚኣብሄር እዩ ነይሩ። እምበኣር ግደ ናይ ዳዊት ኣምላኹ ኣሚኑ ብትብዓት ናብቲ ለሰ ምውራድ ጥራይ እዩ ነይሩ።

ካልእ'ውን እስራኤላውያን ካብ ባርነት ወጺኦምሲ ንኸንኣን ክኣትዉ ቀሩብ ምስ ተረፎም ካብ ነፍሲ ወከፍ ነገድ ዝተዋጽኡ ዓሰርተ ክልተ ሰባት ሰዲዶም ከም ዝሰለሉዋ እቲ ጽሑፍ ይነግረና። እዚ ገይሮም ምስ ተመልሱ ኸኣ፡ ብዘይካ እቶም ክልተ፡ እቶም ካልኦት ኲሎም ንርእሶም ፈሪሆምሲ ነቶም ህዝቢ'ውን ኣፍርህዎም። እዚ ኸኣ ንእግዚኣብሄር ኣዝዩ ኣጕሃዮ። እተን ኣርባዓ መዓልቲ ናይ ስለላኦም ናብ ኣርብዓ ዓመት መቕጻዕቲ ተለዊጠን፡ ኣንፈት ከንኣን በጺሖምሲ ከም ብሓድሽ ነርባዓ ዓመታት ኰለል በሉ። ፍርሂ ሓደ ምልክት ናይ ዘይምእማን እዩ እሞ፡ እንተ ዝኣምኑ ነይሮምሲ ኣይምፈርሁን ነይሮም።

ኣብቲ ቐንዲ ኣተኩሮና ክንምለስ፡ እግዚኣብሄር ንጊዴዎን እቲ ዘሎ ዓሰርተ ሽሕ ሰራዊት ገና በዚሑ ኣሎ እሞ፡ ናብ ማይ ዘለዎ ቦታ ኣውርዶ በሎ። ኣብኡ ኸኣ፡ መብዛሕትኦም ከም ከልቢ ብልሳኖም፡ እቶም ዝተረፉ ሰለስተ ሚእቲ ሰብኣይ ከኣ ብኢዶም ማይ ሰተዩ እሞ፡ እግዚኣብሄር ከኣ ንጊዴዎን ነቶም ሰለስተ ሚእቲ ሰብኡት ጥራይ ክወስድ ነገሮ። እቶም ዝተረፉ ኸኣ ነናብ ቤቶም ተመልሱ።

እዚ ምስ ኰነ ድማ እግዚኣብሄር ንሚድያን ኣብ ኢዱ ከም ዝሃቦ ምእንቲ ኺፈልጥ፡ እቲ ዚዛረብዎ ድማ ንኽሰምዕ ንጊዴዎን ናብቲ ሰፈር ጸላኢ ክወርድ ተዛረቦ። እቲ ዘገርም ድማ ጊዴዎን ፈራህ ምዃኑ እግዚኣብሄር ስለ ዝፈልጥ፡ "እንተፈራህካ ንጹራ ጊልያኻ ውሰዶ፡" ክብሎ ኸሎ ነንብብ። ኣብቲ ሰፈር ሚድያን ድማ በጽሑ። ኣብኡ ድማ ከምዚ ኰነ፡-

"ሓደ ሰብ ንብጻዩ ሕልሙ ይነግሮ ይብሎ'ውን ነበረ፡ እንሆ ሕልሚ ሓለምኩ፡ እንሆ ኸኣ ጐጎ ስገም ናብ ሰፈር ሚድያን ኣንከራረወ፡ ናብ ድንኳን መጺኡ ወቕዖ፡ ንሱ ድማ ወደቐ። እቲ ብጻዩ ድማ መሊሱ፡ እዚ ሴፍ ጊዴዎን ወዲ ዮኣስ፡ ናይ እስራኤል ሰብ እዩ እምበር፡ ካልእ ኣይኰነን። ኣምላኽ ንሚድያንን ንኹሉ ሰፈርን ኣብ ኢዱ ኣሕሊፉ ሃቦ በለ።" (መሳ 7፡ 13-14)

ቅድሚ ናብቲ ታሪኽ ምኻድና እስኪ ብዛዕባ ሕልሚ ገለ ሓሳባት ነስተብህል። እግዚኣብሄር ብሕልሚ ይዛረብ'ዶ እዩ? እወ! ከም ዚዛረብሲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ እኳ ተጻሒፉ ኣሎ። እንተ ኾነ ግና፡ ኵሉ እቲ ደቂስና ንሓልሞ ካብ እግዚኣብሄር ዝመጸ ማለት ኣይኰነን። እዚ ኸኣ ኩላትና ኣይንስሕቶን ኢና። እቲ እንርእዮ ናይ

እግዚኣብሄር እምበር ናይ ሃተፍተፍ ከም ዘይኮነስ ብኸመይ ንፈልዮ?

ብዛዕባ ሕልሚ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ እንተ ደኣ ርኢና፡ እቶም ዝሓለሙ ትሕዝቶ እቲ ብሕልሚ ዝረኣዩዎ እንታይ ርዝነት ከም ዘለዎ የስተውዕሉ ከም ዝነበሩ፡ ካብቲ ኣገላልጻ ናይ እቲ ሕልሞም ነስተብህል። እሞ፡ ከምኡ ስለ ዝኾነስ፡ ደሓን ኢሎም ሸለል ክብልዎ ከም ዘይከኣሉ ንርዳእ።

ንምንታይ ሕልሚ ብኸመይ ይትርጎም? ኣተረጓጉማ ሕልሚ ኣብ ባህልና፡ ኣብ ሕልምኻ ሰናይ እንተ ረኤኻ ሕማቕ ከም ዝረኣኻ ይትርጎም። እዚስ ምስቲ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ኣተረጓጉማ ዝሳማማዕዶ እዩ? ኣይፋሉን! ናይ ዮሴፍ፣ ናይ ናቡከደናጾር፣ ናይ ዳንኤል፣ ናይ ካልኦት'ውን ሕልሞም ኪትርጎም ከሎ፣ ከምቲ ዝረኣይዎ ደኣ እምበር ኣንጻር ናይቲ ዝረኣይዎ ከም ዘይነበረ፣ ወይ ከም ዘይተገልበጠ ነስተብህል። እቲ ኣብ ላዕሊ ዘንበብናዮ ትርጉም ሕልሚ ናይቲ ሚድያናዊ ሰብኣይ ከምቲ ዝተራእዮ ደኣ እምበር ዝተገልበጠ ኣይነበረን።

ጊዴዎን ብዛዕባ ሕልሚ ናይቲ ሚድያናዊ ሰብኣይ ብኣጋጣሚ ኣይኮነን ሰሚዕዎ። ምእንቲ ኺሰምዮ፣ እግዚኣብሄር ነቲ ሕልሚ በቲ ሓላሚ፡ ነቲ ትርጉም ከኣ በቲ ተርጓሚ ገይሩ፣ ንጊዴዎን ከኣ ልክዕ ኣብታ ጊዜኣ ናብቲ ቦታ ሰደዶ። እዛ ሕልሚ እዚኣ ንዓይ ኣዝያ እያ ትገርመኒ። ምኽንያቱ ጊዴዎን ብሓቂ ጎን ስገም ስለ ዝኾነ።

ጎን ስገም ንድንኳናት ከገላብጥ ዓቕሚ ከም ዘይብሉ ርዱእ ነገር እዩ። ሓይሊ ናይቲ ዝግልብጥ ዘሎ ማለት ጎን ስገም፣ ምስቲ ዝግልበጥ ዘሎ ነገር ማለት፣ ድንኳናት ሚድያን ንከከተዋዳድሮ ብፍጹም ዘይከኣል እዩ። ጎን ስገም እምበር ገጅፍ ሓጺን ወይ ከኣ ኣዝዩ ዓብዪ ደንጎላ'ውን ኣይነበረን። እዚ ጎን እዚ ዓቕሚ ወይ ክእለት እንተ ዘይብሉ እኳ ካብ ላዕሊ ከም ዝወረደ እሞ ንኹሉ ሓይሊ ጸላኢ ሓሽምሽም ከም ዘበለ፣ እቲ ሓላሚ ረአየ። እቲ ተርጓሚኸ፣ ነቲ ካብቲ ድኻ ዓሌት እሞ፣ ካብ ቤቱ ኸኣ ዝነኣሰ ጊዴዎንሲ ከመይ ገይሩ ፈሊጥዎ? ካብዚ እንመሃሮ ሓደ ዓብዪ ነገር እንተ ደኣ ኣልዩ ኾይኑ፣ ነቲ ጸላኢናስ ንሕና ጥራይ ዲና ንፈልጦ ወይስ ንሱ'ውን ይፈልጠና እዩ።

ጸላኢ ከም ዘሎና ቃል ኣምላኽ ኣዳዲዑ ይምህረና እዩ። እቲ ጸላኢና ኸኣ ሰይጣን እምበር ካልእ ኣይኮነን። ኣብ ግብ 19፣13-16 ሾብዓተ ደቂ ኣስቄዋ እቲ ሊቀ ካህናት፣ ንኣጋንንቲ ብስም እቲ ጳውሎስ ዚሰብኮ የሱስ ኢሎም ምስ ገንሕዎ፣ "ንየሱስ እፈልጦ፣ ንጳውሎስ'ውን ኣይስሕቶን፣ ንስኻትኩምከ እንታዎት ኢኹም" ዝበሎም እሞ ዘጓየዮምዶ ንዝክር?

እወ! እቲ ምስ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ዘሎና ውሽጣዊ ሓድነት፣ ሰይጣን ኣዳዕዲዑ ይፈልጦን ይፈርሖን እዩ። ብደገ እነርእዮ ዘረባናን ግብርናን ጥራይ ዘይኮነስ፣ እቲ ናይ ጸሎት ህይወትና፣ ከምኡ'ውን ምስ ጐይታ ዘሎና መንፈሳዊ ህይወት ዘፍርሖ እንተ ደኣ ኾይኑ ብርግጽ ይፈልጠና እዩ ማለት እዩ።

ምስማዕ ናይቲ ሕልምን ትርጉሙን ንጊዴዎን እምነቱ ኣረጋገጸሉ፣ እሞ ምሉእ ትብዓት ረኸበ። እቲ ኵሉ ፍርሁን ጥርጥሩን ድማ ረሓቐሉ። ሽዑ ኣብቲ ዘለዎ ናይ ሚድያን ሰፈር ኰይኑ ክሰግድን ንእግዚኣብሄር ክብሪ ክህብን ከሎ ንርኢ። ብኡብኡ ድማ ነቶም ሰለስተ ሚእቲ ሰብኡት ተንስኡ በሎም እሞ ኣብ ሰለስተ ጭፍራ መቐሎም። ኣብ ኢድ ኵሎም ድማ መለኸትን ዳነሱን፣ ኣብ ውሽጢ እቲ ዳነሱ'ውን ፋናታት ሃቦም።

እዚስ ኣይገርምንዶ? ከም ኣንበጣ ዝምብዝሑም ጸላእቲ ዝተሰለፉሉ ዓቢ ውግእ እዩ ነይሩ። እሞ፣ ንኸምዚ ዝበለ ውግእሲ፣ ከም *ጐጎ ስገም ዓቕሚ*፣ ዘይብሉ ውግእ'ውን ዘይፈልጥ፡ ፈራህ መራሒ ምኻኑ ይርእይዎ ኣለዉ። ደሓር ከኣ መለኸትን ዳነሱን ፋናታትን ሒዞም ንውግእ ኽብገሱ ኸለዉ፣ ንምርኣዩስ ይትረፍ ንኽትሓስቦ'ውን ዘደንጹ እዩ! ገለ ደኣ ኣልይዎ ኾይኑ እምበር መለኸትን ዳነሱን ፋናታትን ሒዝካ ንውግእ ኣይክየድን እዩ። ንምንታይ ኰን እዩ?

እቲ ጽሑፍ፣ "ኣብ መጀመርታ ሓለዋ ፍርቂ ለይቲ፣ ብኡብኡ ዘብዔኛታት ምስ ተለወጡ፣ ጊዴዎንን እቶም ምስኡ ዝነበሩ ሚእቲ ሰብኣይን መለኸት ነፍሑ። እቶም ካልኣይ ሚእቲ ኸኣ ከምኡ ገበሩ። እቶም ሳልሳይ ሚእቲ'ውን ከምኡ ደገሙ። እሞ፣ ነቲ ዳነሱኦም ሰበርዎ። ነቲ ዳነሱ ምስ ሰበርዎ ድማ እቲ ኣብ ውሽጡ ዝነበረ ብርሃኑ ተሓቢኡ ዝነበረ ፋናታት ኣብርሀ። ብየማነይቲ ኢዶም መለኸት እናነፍሑ ብጸጋመይቲ ኢዶም ድማ ነቲ ፋናታት ሓዙ። ብዘሎ ሰራዊት ጸላኢ ነዚ ምስ ረኣየ ሃደመ። እግዚኣብሄር ከኣ ሴፍ ነፍስ-ወከፍ ናብ ብጻዩን ናብ ብዘሎ ሰራዊትን ገበሮ።

ኣብዚ ክንርእዮ ዝጸናሕና፣ እቶም ሰለስተ ሚእቲ ሰብኣይ ክዕወቱ ዝኸኣሉስ ብሓይሊ ቕልጽሞም'ዶ እዩ? ግሩህ ሓታቲ፣ ኣብዚ ተሰሊፍኩምሲ፣ እንታይ ገበርኩም ኢሉ እንተ ዚሓቶምሲ፣ እንታይ ኢሎም ኰን ምመለሱሉ?

ኣብ ላዕሊ ተደጋጊሙ ኸም ዘሎ፣ ካብዚ ታሪኽ እዚ እንምሃሮ፣ ፈራሃት ስለ ዝኾንና፣ ከምቲ ጐይታ ካባና ዝደልዮን ዝጽበዮን ዓይነት ጌርና ንኸይነገልግል ስለ ዝጽግመና ኣይኮነን። ዓቕምና ይኹን ክእለትና ካብ እግዚኣብሄር ክዉል ኣይኮነን። ከምዚ ኸነንብቦ ዝጸናሕና፣ ሽግርና "ዳነሱና" እዩ።

እቲ "ፋናታት" ኣብነት ናይ መንፈስ ቅዱስ ሓይሊ (ሓዊ)እዩ። እቲ ክስበር ዘለዎ "ዳነሱ" ድማ ናይ ስጋና ምሳሌ እዩ። ብዛዕባ እዚ ስጋ እዚ፣ ሃዋርያ ጳውሎስ ደጊሙ ደጋጊሙ "ቅተልዎ" ዝብለና ነቲ ስጋዊ ሓሳብን ድሌትን ዘጠቓልል እዩ። እቲ "ዳነሱ" ምስ ዚስበር እቲ "ፋናታት" ይርአ እሞ፣ ስራሕ እግዚኣብሄር ድማ ይስራሕ።

እቲ ዕዮ (እቲ ውግእ ይኹን እቲ ነገልግሎ ዂሉ ምኻኑ እዩ) ናይ እግዚኣብሄር እዩ፣ ባዕሉ ድማ'ዩ ዚዓዮ። ከምቲ ጊዴዎን ምስቶም ሰለስተ ሚእቲ ሰብኣይ ኰይኑ ዚገበሮ፣ እቲ ናትና ግደ ንእግዚኣብሄር ኣሚንና፣ "ዳነሱና" ሴርና ደው ምባል ጥራይ እዩ። መብዛሕትኡ ጊዜ ግና ኣብ ክንዲ ንሰብሮስ ነቲ "ዳነሱና" መሊስና ዝያዳ ንካናኽና። ኣብ ክንዲ ነቲ መንፈስ ኣምላኽ ዚብለና ምእዛዝ፣ ንዓና ዚጥዕመና ስጋዊ ዘበለ፣ ንምግባር ንህንደድ። ስለዚ ሓሳብና "ንዓይ ይጥዓመኒ"፣ ይኸውን። ግና እቲ ዝገደደ እቲ ምእንቲ ገዛእ ርእስና እንሓስቦ ካብቲ ኽንኮኖ ዝግብኣና ንላዕሊ ይኸውን። ኣብ ሽገርገር ከኣ ንኣቱ።

እግዚኣብሄር እቲ ህዝቢ ምስ በዝሐ

ከይዕበ፣ ባዕለይ ነዚ ገይረዮ፣ ብቕልጽመይ ተዓዊተ ምእንቲ ከይብል ቀኍጽሮም ሒደት ክኾውን መሪጹ። ኣብታ ቀዳመይቲ ጽሕፍተይ፣ ናይ ጊዴዎን ታሪኽ፣ ናይ ሓንቲ ኣንጭዋን ናይ ሓደ ሓርማዝን ታሪኽ ገይረ ዝገለጽክዎ፣ እግዚኣብሄር "ኣነቓኒቕናዮ እምበር" ዝብሎ ከም ዘይደሊ ጠቒሰ ነይረ። ምኽንያቱ እቲ ኵሉ ዕዮ ዚገብሮ ባዕሉ እዩ። ንሕና ግና መገላገልቱ ብምዃንና ጊዜናን ህይወትናን ወፊና ደው ንብለሉ። "ንሱ ተዋጋኣይ ኣምላኽ እዩ" ተባሂሉ ተጻሒፉ ከም ዘሎ ንሱ ይዋግኣልና፣ ተዋጊኡ ድማ ነቲ ዓወት ይህበና።

ኣሕዋተይ፣ ሎሚ ኣብ ህይወትና ከም ሚድያን ኰይኑ ዘሸግረና ብዙሕ ውግእ ይህሉ ይኸውን። ሰላምና ዝወስድ ዘጨንቐና ጕዳያት ኣይሰኣንን እዩ። ሎሚ ኣብ ናብራና ኣብ ሓዳርና፣ ኣብ ስራሕና፣ ኣብ ጥዕናና ጸልማት ዚመስል ዘሎ ነገር፣ ጽባሕ ብርሃኑ ከርእየና ንጎይታ ቀሊል እዩ። ንሕና ግና ኣብኡ ንጥበቕ። ኣብቲ ናይ ውግእ ቦታና ድማ ደው ንበል! ከምኡ'ውን ሎሚ ንጎይታ ደው ዝብለሉ፤ ነቲ ናቱ ኣገልግሎት ክዋፈር ዝደሊ ሰብ ይደሊ ኣሎ። ከምቲ ቃሉ "እቲ እኽሊ ብዙሕ እዩ ዓየይቲ ግና ሒደት እዮም፣" ዚብል ከም ኢሳይያስ "ኣነ ኣለኹ፣" ኢሉ ከየዕጠጠየ ብድድ ዝብለሉ መን ኣሎ?

በይኑ እኳ እንተ ኾነ፣ ከም ዳዊት፣ ስም እግዚኣብሄር ክጽረፍ ከሎ ምስማዕ ኣየኽእለንን ኢሉ፣ ንጎልያድ ኽ|ገጥመሉ ዝውጽእ መን ኣሎ? ከም ጊዴዎን'ከ ጕነ ስገም ምዃኑ እናፈለጠ በቲ ናይ ኣምላኽ ሓይሊ ግና ነቲ ዓበይቲ ድንዃናት ናይ ሚድያን ኺግልብጥ ከም ዚኽእል ኣሚኑ ንዕዮ ጎይታ ዝትንስእ መን ኣሎ?

## ጸሎት ሓደ ወንጌላዊ

ፈጣር ኵሉ ፍጥረት፡ ጸሎተይ ስምዓኒ፡
ብብዝሓት ሓጢኣተይ፡ ኣይትመንነኒ፡
ካባኻ ዝደልዮ፡ ልማኖይ ሃበኒ።

ኣርባዕተ ልማኖ ጥራይ ኣለዋኒ፡
ንሰን ምስ ረኸብኩ፡ ኵሉ ይኣኽለኒ።

እታ ቐዳመይቲ፡ ብሓጢኣተይ ምሓረኒ።

እታ ኻልኣይቲ፡ ንሓጢኣተይ ከሰንፍ፡ ሓይልኻ ሃበኒ፡
ካብ ፈተና ድማ፡ ፍጹም ኣድሕነኒ።

እታ ሳልሰይቲ፡ ምስ ጥዕና ጌርካ፡ ንዕለት ዚኸውን ቀለበይ ሃበኒ፡

እታ ራብዓይቱውን፡ ናትካ ከም ዝኾንኩ ምልክት ሃበኒ።
ንምስባኽ ወንጌልካ፡ ምእንቲ ኪጥዕመኒ።
ደቂ ኣዳም ኵሎም፡ ቃለይ ኪሰምዑኒ፡
ናይ ኣምላኽ ምዃነይ፡ ባዓላቶም ኪፈልጡኒ፡
ኣበየሎ ኣምላኽ፡ ኢሎም ከይብሉኒ፡
ሓሰውቲ መምህራን፡ ከይቃወሙኒ፡
ናትና እዩ ጽቡቕ ኢሎም፡ ከይማጎቱኒ።

"መጽሓፍ ምዕዶ" ኣባ ገብረ ስላሴ - ፩፱፻፲፫